**እዋናዊ መግለፂ ካብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ**

ሰራዊት ትግራይ ከካብ ዝነበረሉ ውልቀ ሂወት ተኣኻኺቡ ዓንዲ ሑቐ መኸተና ኾይኑ ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ እታ እንኮ ሂወቱን ኣካሉን ክኸፍል ናብ በረኻ ክወፅእ እንከሎ ምእንተ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውዳበ ኢሉ ዘይኾነስ ምእንተ ህልውና ተጋሩን ትግራይን ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ብምዃኑ ድማ ወድሰብ ይፃወሮ እዩ ዘይበሃል ኩሉ ዓይነት ፀገማት ተፃዊሩ ዓለም ዘስደምም ጀግንነት ፈፂሙን ብመስዋእቱን ብጀግንነቱን ድማ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ክፍረም ኣኸኢሉ እዩ።

ይኹን እምበር ብዕለት 15 ጥሪ 2017 ዓ.ም ክብርን ስብእናን ሰራዊትና ዘመራስሕ፤ ካብ ተልእኹኡ ወፃኢ ንናይ ሓደ ዓሌታዊ ጉጅለ ናይ ስልጣን ህረፍ ንምምላእ ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ብዝብል ተጋሩን ትግራይን ዝብትን መኸተና ዝሕንሸሸን ናይ ጥፍኣት መግለፂ ኣውፂኡ ኣሎ። ትሕዝቶ ናይዚ መግለፂ ድማ ዕልዋ መንግስቲ ዝኣወጀን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ናብ ሓደጋ ዘእቱን ኮይኑ ኣሎ ። ንመላእ ህዝብና ናብ ሓደጋ ዘእቱ ሓላፍነት ዝጎደሎ ውሳነ እውን እዩ።

ብመሰረቱ በቲ ዝወፀ ቅዋም ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክበሃል ዘይኮነስ ካብ ተልእኾኡም ወፃኢ ንሓደ ፀቢብ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ስልጣን ህርፋን ንምምላእ ወጊኖም ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ናይ ምፍራስ ፣ ስርዓት ኣልቦነት ናይ ምንጋስን ሰራዊት ናይ ምብታንን ቅሉዕ ምንቅስቓስ ይገብሩ ምህላዎም ውን ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ስለዚ እዚ ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ዝወፀ መግለፂ ንኣመራርሓን ህዝብን ከተማ መቐለ ዘቑጠዐን ንሰላምን ደሕንነትን ህዝብና ናብ ሓደጋ ዘውድቕን ዓቕሚ መኸተ ትግራይ ዝብትን ፍፁም ተቐባልነት ዘይብሉ ውሳነ ስለዝኾነ ኣመራርሓ ከተማን ክፍለ ከታማታትን እዞም ዝስዕቡ ቁዋም መግለፅታት ኣውፂእና ኣለና።

ናይ ፀጥታ ሓይልና ውግንንኡ ንህዝብን መንግስታዊ ስርዓት ንምጥንኻርን ክኸውን ከምዘለዎ እናተፈለጠ ንናይ ሓደ ፀቢብ ጉጅለ ድሌታት ንምምላእ ዝድግፍ መግለፂ ምውፅኡ ሰራዊትና ዝብትንን ዓቕሚ መኸተ ትግራይ ዘዳኽምን ስለዝኾነ ብትሪ ንቃወም።

ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እግሪ ከይተክልን ስርሑ ከይሰርሕን ገሊኡ ናይ ፀጥታ ሓይሊ ብሕቡእን ብግልፅን ምስቲ ዓመፀኛ ፀቢብ ጉጅለ ተሓባቢሩ እናሰርሐ ከምዝመፀ ይፍለጥ። ናይዚ መርኣይ ድማ ካብቶም ዕማማት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሓደ ዝኾነ ፀጥታን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምውሓስ እዩ። ነዚኣ ሓላፍነቱ ተዋፊኡ ዘይሰርሐን ናይቲ ፀቢብ ጉጅለ መሳርሒ ኮይኑ ዝፀንሐን ሓይሊ ሐዚ ተገልቢጡ መንግስቲ ስርሑ ክሰርሕ ከምዘይክኣለ ከረድኣና ይፍትን ኣሎ። እዙይ ናይ ፀረ ህዝብን በለፀኛን ኣተሓሳስባን መግለፂን ብቅልጡፍ ክእረም ንፅውዕ::

ንናይ ሓደ ፀቢብ ጉጅለ ድሌታት ንምምላእ ተባሂሉ ዝግበር ዘሎ ፀደፍደፍ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዘፍርስን ትግራይ ናብ ዳግመ ኲናትን ዕፅዋን ክባን ዘእቱን ብሓፈሻ ድማ ህዝብና እቲ ረኺብዎ ዝነበረ ጭላንጭል ሰላም ኣስኢኑ ፋሕፋሕ ዘብል ስለዝኾነ ብሽም ፖለቲካዊ ፓርቲ እትንቀሳቀሱ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን እዚ ናይ ኲናት ደወልን መንግስቲ ኣልባ ዝገብርን ውሳነ ብትሪ ክትቃወምዎ ፃውዒትና ነቕርብ።

ተጋሩ ዲያስፖራ መኸተና ንክዕወት ተቓሊስኩምን ደኺምኩምን ኢኹም። ብዓይነትን ብገንዘብን ዝደገፍክምዎ መኸተ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብስርዓት ኦዲት ክግበርን ክግምገምን ከምዘለዎ ናብ ሓደ ምርድዳእ ተበፂሑ እናሃለወ ካብ ተሓታትነት ንምምላጥ ዕግርግር ከምሓደ መማረፂ ገይሩ ዝወሰደ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ ደጊፉ ብሽም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት መግለፂ ዘውፅአ ናይ ሰራዊት ኣካል ባዕሉ እውን ተሓታቲ ክኸውንን ከምቲ ልሙድ ኩሉ ዓይነት ሰላማዊ ቃልስኹም ክተሐይሉ ፃውዒትና ነቕርብ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ከተማ መቐለ ስድራ ስውእን ሓርበኛን ብመስዋእቲ ደቅኻን ኣያታትካን ዘምፃእኻዮ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ናብ ሓደጋ ዘእቱን ከንቱ ዘትርፍን ፤ ብዝተማለአ ሰላማዊ ድርድር ተመዛበልቲ ወገናትናን ግዝኣታዊ መሬትናን ንከይምለስ ዘዐንቅፍ መግለፂ ወፂኡ ኣሎ። እዚ መግለፂ ናብ ደልሃመት ዘምርሕ መንገዲ ዝሓዘ ምዃኑ ተረዲእኻ ተወዲብካ ክትቃለሶን ክትኩንኖን ንፅውዕ።

ዝኸበርካ መንእሰይ ከተማና ብምኽንያት ናይ ስልጣን ህረፍን ጉጅለኣዊ ድሌት ንምምላእ ዝግበር ዘሎ ሃረምረምን ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ። ነዚ ስዒቡ ዝፍጠር ኲናትን ህልቂትን ብዋናነት ተቓላዒ ንስኻ ኢኻ። ስለዚ እቲ ሓደገኛ ኲነታት ብውነ ተረዲእኻ፣ ውዳበታትካ ኣጠናኺርካ ነዚ ኲናት ዝጉስም ዘሎ መግለፂ ብትሪ ክትቃዎሞን ድምፅኻ ኣብ ኣደባባይ ወፂኻ ክተስምዕን ንፅውዕ።

ዝኸበርኩም መላእ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ እውን እዚ ዘይሕጋዊ ውሳነ ፀገም ህዝብና ዘጋድድ፣ ኣዋጅ ኲናትን ስርዓት ኣልቦነትን ምዃኑ ብውነ ተገንዚብኩም ብፅንዓት ክትነፅጉዎን ካብዚ ወፃኢ ዝመፅእ ዝኾነ ዓይነት ትእዛዝ ተግባራዊ ንከይትገብሩን፤ እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደገኛ ትግራይ ናይ ምብታን ኲነታት ሰኺንኩም ክትርድኡዎን ክትነፅግዎን ፃውዒትና ነቕርብ።

ምምሕዳር ከተማ መቐለ

16 ጥሪ 2017ዓ.ም

መቐለ